## ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ዳግመ ህንጸት ሃገር ተሳታፍነቶም ከምወትሩ ሓያል ከምዘለዎ ኣቶ የማነ ገብርኣብ ገሊጹ።

---------------000----------

ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ዳግመ ህንጸት ሃገር ተሳታፍነቶም ከምወትሩ ሓያል ከምዘለዎ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ የማነ ገብረኣብ ገሊጹ።

ንሱ፣ ነዚ ዝገለጸ ኣብቲ ካብ 6-8 ሓምለ ኣብ ፍራንክፈርት ጀርመን ዝተኻየደ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ተሳቲፉ ትማሊ ምሸት ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ምስ ኣተወ ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ እዩ።

ኣቶ የማነ እቲ ኣብቲ ፈስቲቫል ንህዝቢ ዘካየዶ ሰሚናር ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሃገር ብኽፉት ዝተዘተየሉን ብዙሕ ኣገዳስን ንተሳተፍቲ ዝሰሓበን ምንባሩ ገሊጹ። ምዕባለ ሃገርና ብቐረባ ብምዝታይ ተሳተፍቲ ኩነታት ሃገርና ከምቲ ብርሑቕ ኮይኖም ዝሰምዕዎ ከም ዘይኮነ ኝኽርድኡን ዝያዳ ብዛዕባ ኩነታት ሃገሮም ከም ዝተኣማመኑን ዝቐስኑን ኣብ ምግባር ኣዎንታዊ ተራ ከም ዝነበሮ ድማ ሓቢሩ።

ኣቶ የማነ ኣስዒቡ፣ መሰረታዊ ድሌት ህዝብና ምስ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ግጭት ምሉእ ብምሉእ ብሰላም ክዓርፍ፣ ዝኸተቱ መንእሰያት ክጣየሱ፣ ተመዛቢሎ ዝጸንሑ ኤርትራውያን ናብ
ዓድታቶም ኪምለሱ፣ ካብ ስደት ዝምለሱ ዘለዉን ካብ ኢትዮጵያ ብቐጻሊ ዝስጎጉ ዘለዉን ኤርትራውያን ብግቡእ ኪጣየሱን ቁጠባ ሃገር ኪበራብርን ምዃኑ ገሊጹ።

ብዘይካ እዚ ኣቶ የማነ፣ ኣብ ጀርመን ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ንብዙሕ ዓመታት ምስ ዝሓገዙ ኣዕሩኽ ሰውራ ኤርትራ ፍሉይ ርክብ ብምግባር ብዛዕባ ኩነታት ሃገርና ኣብ ዘካየዶ ዘተ፣ እቶም ኣዕሩኽ ዝምድናታት ኤርትራን ጀርመንን ንምሕያል እጃሞም ከበርክቱ ቁሩባት ምዃኖም ኣረጋጊጾምሉ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ፌስቲቫል ኣዳላዊት ሽማግለ ኝኹሎም ኣዕሩኽ ሰውራ ኤርትራ ዝነበሩን ዘለዉን ጀርመናውያን ኣብ ዝገበሮ ፍሉይ
ዕድመ እውን ርክባት ከም ዝተኻየደን ጽቡቕ ምርድዳእ ከም ዝነበረን፣ እቶም ኣዕሩኽ ምትሕግጋዞም ክብ ንምብል ቁሩብነቶም ደጊሞም ከምዘረጋገጹን ኣቶ የማነ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ የማነ፣ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ጀርመን ካብቲ ናይ ቅድሚ ሎሚ ፍሉይ ዝገብሮ ብብዝሒ መንእሰያት ዝተሳተፍሉ ኣብ ልዕሊ ምንባሩ ብተወሳኺ ንዓታቶም ዝምልከትን ነንሓድሕዶም ዝላለይሉን መደባት ብምውዳብ ዓቢ ጽልዋ ከም ዝነበሮ ሓቢሩ።

ኣብቲ ንሓመሻይ ጊዜኡ ዝተኻየደ ፈስቲቫል ፍራንክፈርት ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ዝተረኽብሉ ሓድነት ህዝብናን ተወፋይነትን ዘርኣየ ኣጋጣሚ ምንባሩ ተፈሊጡ።

*********************